## ምምጻእ ክርስቶስን መወዳእታ ዓለምን

## ሰንበት ዘደብረ ዘይት፡ 5ይ ሰሙን ናይ ጾመ ኣርብዓ

(ዝንበብ ጽሑፋት፡ ማቴ፡ 24፡1-14, 1ተሰ 4፡13-18, 2ጴጥ 3፡1-18, ግብ 24፡1-23)

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብታ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ቤት መቕደስ ኪወጽእ እንከሎ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ጽባቐ ናይታ ቤት መቕደስ ርእዮም ንጎይታ ምስኦም ኮይኑ ምእንተ ከድንቕ የርእይዎ። ጎይታ ኢየሱስ ግና ናይቲ ሽዕኡ ዝነብረ ጽባቐ ዘይኮነስ መውዳእታ ናይቲ መቕደስ እንታይ ምኻኑ ይርኢ ስለዝነብረ ከምዚ እናበለ ዘይተጸበይዎ ዘሰንብድ መልሲ ይህቦም "እዚ ኹሉስ ትርእይዎዶ ኣሎኺም? ኣብዚ ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪተርፍን እዩ እብለኩም ኣሎኹ፡፡" ማቴ 24፡1፡4 እቲ ቤት መቕደስ ክህነጽ 46 ዓመታት እዩ ወሲዱ፡፡ ስለዚ ኢየሱስ ብዛዕባ ምፍራሱ ምስ ተዛረበ ደቀ መዛሙርቱ ንልቦም ኣዝዩ ስለ ዝኸበዶ ኣብ ደብረ ዘይቲ ዝበሃል ቦታ ምስ ከዱ ከምዚ እናበሉ ክሓትዎ ይጅምሩ፥ "እዚ ዝበልካዮ ምፍራስ ናይዚ ቤት መቕደስ መዓስ እዩ ኸውን? ትእምርቲ ምምጻእካን መወዳእታ ዓለምንከ መዓስ ኸውን እዩ እስኪ ንገረና እናበሉ ክሐትዎ ጀመሩ፡፡" (ማቴ 24፡3)
ጎይታ ኢየሱስ ድማ ሓደ ብሓደ ክትንትነሎም ይጅምር። እቲ መወዳእታ ዘመንን ምልክታቱን ከመይ ምኻኑን ንሳቶም ድማ ከመይ ገይሮም ክዳለዉ ከም ዝግብኦም ከረድኦም ይጅምር፡፡ እቲ ምልክታት ኩሉ ብዝርዝር ድማ ኣብ ማቴ 24፡1-መፈጸምታ ንረኽቦ ኢና፡፡ ካብቶም ዝጠቐሶም ምልክታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

### ናይ መጀመርያ ቅልውላው

1. ኣነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ክመጹ እዮም፡፡
2. ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም። ሕዝቢ ናብ ሕዝቢ መንግስቲ ናብ መንግስቲ ክለዓል እዩ።
3. ኣብ ኩሉ ቦታታት ጥሜትን ምንቅጥቃጥ ምድሪን ኸውን እዩ፡፡
4. ስለ ስመይ ድማ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ጽሉኣት ክትኮኑ ኢኹም፡፡
5. ብሰንኪ ብዝሒ ኽፍኣት ከኣ ፍቕሪ ብዙሓት ክትዝሕል እያ።
6. ንኹሎም ኣህዛብ ምስክርነት ምእንቲ ኸውን ድማ ወንጌል ኣብ ምሉእ ዓለም ኪሰበኽ እዩ።

### ናይ መወዳእታ እዋን

1. ዘስካሕክሕ መከራን ምጥፋእ (ምምካኽ) ሰማይን ምድርን
2. ምግላጽ ኢየሱስ ክርስቶስን ምውሳድ ደቂ ኣምላኽን

ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝበሎ ምናልባሽ ብዙሓት በቲ ናይ ስሕተተ መንፈስ ተደሪኾም ምጽኣት ዝበሃል የልቦን መወዳእታ ዓለምውን የሎን እንተበሉ (1ጴጥ 3፡7-18) ንርእሶም ካብ ምጥባር ሓሊፎም ከምጽእዎ ዝኽእሉ ነገር የሎን፡፡ እቲ ኣሜንን እሙንን ዝኾነ ጎይታ ቀልጢፉ ከም ዝመጽእ ኣረጋጊጹ እዩ። ( ራእ 22፡12 )
ሎሚ ምልስ ኢልና ነቲ ጎይታ ኢየሱስ ዝሃቦ ቃል ከነስተውዕለል ይግባእ። ክርስቶስ ከፈራርሓና ወይውን ክፍክረሉ ኢሉ ዝሃቦ ቃል ኣይኮነን። ክንዳልውን ናይ ዘልኣለም ህይወት ወረስቲ ኮይንና ምስኡ ንዘልኣለም ክንነብር ኢሉ እዩ፡፡ ንእተፍቅሮ ኢኻ ተጠንቅቕ እሞ ነቲ ናይ ፍቕሪ ጎይታ ዘመን ምሕረት ከይተወድኤ እንከሎ ንስምዓዮ፡፡
ካብቶም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝሃቦም ሓደ ሓደ ምልክታት ንምዝኽኻር ዝኣክል እንታይ ማለት ምኻኖም ክንርእዮም ክንፍትን ኢና።

1. ኣነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ክመጹ እዮም፤ ሓሰውቲ ነብያት ከምይ ጌርና ኢና እነለልዮም እንተድእ ኢልና ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝነግረና

ሀ. ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይእመኑ ዘበሉ ኹላቶም ሓሰውቲ እዮም፡፡ 1ዮሃ 4፥1-6 ኣንብብ። ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣይኮነን ሓደ ተራ መምህር ወይውን መራሒ ሃይማኖት እዩ ኔሩ ኣምላኽ ኣይኮነን ሰብ ጥራሕ እዩ ኔሩ. . . ወዘተ ዝብሉ ኹላቶም ካብቶም ሓሰውቲ እዮም። መወዳእታኦም ድማ ጥፍእት እዩ፡፡ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ ዝእመን ብኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝእምን ግና ካብቶም ሓሰውቲ ወይውን መስሓትያን ኣይኮነን።

ለ. ብፍሪኦም ይፍለጡ፤ (ማቴ7፥15-22) እቶም ናይ ሓሶት መምህራን ክብሪ ርእሶም እዮም ዝደልዩ፤ ፍረ ናይቲ ኩሉ ዝምህርዎን ዝገብርዎን ድማ ገዛእ ርእሶም ክረብሑን ክኸብሩን ድኣ እምበር ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸብር ኣይኮነን፡፡ ሎሚ ምእንቲ ናይ ሰብ ክብረት፥ሃብቲ፤ ገንዘብ፤ ዝና . . . ወዘተ ኢሎም ዘገልግሉ ካብዞም ሓስወቲ መምሃራን ዘይሕሹ እዮም።

2. *ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም፤* ብዙሓት ናይ ታሪኽ ምሁራት ከም ዝብልዎ ካብዘን ዝሓለፋ 2000 ዓመታት እቲ ዝበዝሐ ውግእ ዝነበረሉ ክፍለ ዘመን እዘን ዝሓለፋ 100 ክሳብ 120 ዝኾና ዓመታት እየን። ብብዝሒ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓይነት ናይቲ ውግእውን ኣዝየን ዝኸፍኣ እየን ኔረን።

3. ኣብ ኩሉ ቦታ ጥሜትን ምንቅጥቃጥ ምድርን ክኸውን እዩ፤ ዓለም ኣብዚ ዘለናዮ ክፍለ ዘመን ሽሕ እካ ብሳይንስን ተክኖሎጂን ማዕቢላ እንተሃለወት፤ እቲ ሃብቲ ናይዛ ዓለም ግና ኣብ ሒደት ሃብታማት ውልቀሰባ፤ ትካላትን መራሕቲ ሃገራትን እዩ ዘሎ። እቲ ዝበዝሕ ክፍሊ ዓለም ብምኽንያት ናይ ተፈጥሮን ናይ ፖለቲካ ቅልውላውን ኣብ ከቢድ ድኽነትን ጥሜትን እዩ ዘሎ። ምንቅጥቃጥ ምድሪ ድማ ዕለታዊ ተርእዮ ኾይኑ ኣሎ። ካብተን ኣብ ዓለም ብምዕባለ ቀዳሞት ዝኾና ከተማታት ወይወን መንግስታት ሓንቲ ካሊፎርኒያ ኢያ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ይርከብ "ኣብ ካሊፎርኒያ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ መሬት ምንቅጥቃጥ ወቕቲ እያ"

4. ስለ ስመይ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ጽሉኣት ክትኮኑ ኢኹም፡፡ ክርስትና ብክርስቶስ ስለ ዝተጀመረ ብዙሕ መከራ ከም ዘለዎ ክርስቶስ ባዕሉ ተዛሪቡሉ እዩ። (ዮሃ 16፥1-3 ) ብምኽንያት ስመይ ካብ ቤት ጸሎቶም ክሰጕኹም እዮም ይብል፡። ሎሚ ኣብቶም ስም ኢየሱስ ዝጽውዑ ኩሎም መከራ እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ንኢየሱስ ምስዓብን ስም ኢየሱስ ምጽዋዕን ከም ገበን ዝውሰደሉ ዘበን ከም ዝበጻሕና ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። እቲ መከራ ድማ ካብ ደገ ዘይኮነስ ካብ ቤት መቕደስ ከም ዝጅምር ጎይታ ባዕሉ ጠቒስዎ ኣሎ፡። ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ክርስትናን ኣብዚ ዘለናዮ ዘመንን እንተ ብስም ሃይማኖት ፖለቲካ ወይ ካልእ ምኽንያት እናገበርካ ነቶም ስም ክርስቶስ ዝሓዙ ምስጓግ ዝጅምር ሓያሎ ኮይኑ ኣሎ፤ እንትርፎ ንስሙ ምጽዋዕን ንዕኡ ምኽባርን ካልእ ዕላማ ዘይብሎም ሰባት ብብዙሕ መከራ ክሓልፉ ክንርኢ እንከሎና፤ ናይቲ ዘመን መወዳእታ ምኻኑ ኣይንዘንግዕ፡፡

5. ወንጌል ኣብ ምሉእ ዓለም ክስበኽ እዩ፤ ወንጊል ምንም እካ ብውሽጥን ብደገን ተቓውሞታት እንተ ኣጋጠሞ ናብ ምሉእ ዓለም ካብ ምዝርጋሕሲ ጠጠው ኣይበለን። ከምቲ ክርስቶስ ዝበሎ ደጊታት ሲኦል ኣይክሕይልዋን እዮም (ማቴ 16፥18 ) ምንም እካ ብዙሓት ነዚ ወንጊል ዘብጽሑ ቅዱሳን እንተ ተኣስሩን እንተተሳቐዩን እቲ ወንጌል ግና ኣይእሰርን እዩ (1ጢሞ 2፥9)። መጽሓፍ ቅዱስ ብኣማኢት ብዝቑጸር ቛንቛታት ተተርጊሙ ኣብ ዓለም ተዘርጊሑ ኣሎ። ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ድማ ነዚ ዘሎ ምዕባለ ናይ ኢንተርነት ተጠቒሞም ነቲ ቃል ወንጌል ናብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለማት ይዝርግሕዎ ኣለዉ።

## ነፍሸካ ኣድሕን

ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘመን ክርስትያን እየ እናበልካ ብስም ጥራሕ ምምካሕ፤ ርእሸካ ጠቢርካ ናብ ጥፍኣት ካብ ምኻድ ሓሊፉ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘሞግሰካ ነገር ኣይኮነን። ከምቲ ጎይታ ዝበሎ "ጽድቕኹም ካብ ጽድቂ ፈሪሳውያን ኣጸቢቑ እንተዘይበዝሐ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክትኣትውዋ ኣይትኽእሉን ኢኹም" ፈሪሳውያን ብሃይማኖት ዝምክሑ ግና ምእንቲ ስርዓት ርእሶም ክብሉ ስርዓት ኣምላኽ ዘፍርሱ ነቲ ዝብልዎ ዘይገብርዎ ዓበይቲ ዕንቅፋት እዮም ኔሮም (ማቴ23፥1-መ

**ኣንብብ)። ሃይማኖት ኣለኒ እናበልካ ምምኻሕ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ብመንፈስ ኣምላኽ ተለዊጥካን ተነሲሕካን ምስ ኣምላኽካ ተዓሪቕካን ምንባር እዩ ዘድሊ። ነቲ ዝሞተልካ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበቅዕ ህይወት ምሓዝ። በቲ ስም ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማን ነቲ ስም እቲ ምንባር በቲ ስም እቲ ምምካሕ ነቲ ስም እቲ ምስባኽን በቲ ስም ድማ መከራ ምጽጋብን የድሊ። ክርስቶስ ነቶም ናቱ ከምዚ እናበለ ኣጠንቂቑዎም እዩ። ካብ ሃለውሎም ተሓልዮም ብጸሎትን ብቕድስናን ክጽበይዎ ይነግሮም፡፡ ሉቃ 21፥34-35።**

*“ስጋይ ዝበልዔ ደመይ ዝሰተየ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ፡፡ እቲ ስጋይ ዘይበልዕ ደመይውን ዘይሰቲ ግና ህይወት ዘልኣለም የብሉን፡፡”*

ብኽፍሊ መዘምራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ!